ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ከተማ መቐለ ንቤት ፅሕፈት ፍትሒ ከተማ መቐለ ግልጋሎት ዝውዕል ናይ ትርጉም ግልጋሎት ፕሮፎርማ ኣወዳዲርና ካብ ትግርኛ ናብ ኣምሓርኛ ክንትርጉም ንደሊ ::

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሓሙስ ጉንበት 1, 2016 (ልዕሊ 2 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ጉንበት 5, 2016 3:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ጉንበት 5, 2016 3:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ቋንቋ ትርጉም /

ምልክታ ፕሮፎርማ

ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ከተማ መቐለ ንቤት ፅሕፈት ፍትሒ ከተማ መቐለ ግልጋሎት ዝውዕል ናይ ትርጉም ግልጋሎት ፕሮፎርማ ኣወዳዲርና ካብ ትግርኛ ናብ ኣምሓርኛ ክንትርጉም ንደሊ :: ስለዚ ኣብዚ ፕሮፎርማ ክትወዳደሩ እትደልዩ በዚ ዘርፊ ዝተመዝገብኩም ተወዳደርቲ ካብዚ ንታሕቲ ዝተዘርዘሩ ረቓሒታት ብምምላእ ንኽትወዳደሩ ንዕድም::

ተ.	ዝርዝር ዓይነት ንብረት(ትርጉም)	ዝርዝር መፍለይ ቁፅሪ (ድሌት ስራሕ)(ፅሑፍ)	መለክዒ	በዝሒ ገፅ	ናይ ሓደ ገፅ ዋጋ	መብርሒ
1	ናይ ትርጉም ግልጋሎት	ካብ ትግርኛ ናብ ኣምሓርኛ ትርጉም ንምትርጋም	ብገፅ	1		ቤት ፅሕፈትና ብዝሃቦ በዝሒ ገፅ ብዝቀረበ ናይ ሓደ ዋጋ ገፅ ኣባዚሕና ንከፍል

ዝርዝር ተደለይቲ ረቓሒታት

1. ናይ 2016 ዓ/ም ዝተሓደሰ ንግዲ ስራሕ ፍቃድ ፣ዝተሓደሰ መቅረባይነት ፣ ቲን ቁፅሪ ድማ ከተሓሕዝ ዝኽእል

2. ፕሮፎርማ ካብ ዕለት 30/08/2016 ዓ/ም ክሳብ ዕለት 05/09/2016 ዓ/ምዝፀንሕ ኮይኑ ሰዓት 03፡00

ተዓፅዩ ሰዓት 03፡30 ይኽፈት ::

3. ተወዳደርቲ ኣብ ዘቕርብዎ ሰነድ ጨረታ ናይ ተወዳዳራይ ስም ፣ ፈርማ ፣ ማህተምን ኣድራሽኦምን ብምዕራፍን ብዝተዓሸገ ፖስታ ከቕርቡ ኣለዎ ::

4. ሰዓራይ ትካል አሸናፊ ኮይኑ ካብ ዝተገለፀሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 03 መዓልቲ ናብ ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ከተማ መቐለ ትርጉም ክፍሊት ኣታዊ ክገብር ኣለዎ ዋጋ ፀኒዑ ዝፀንሐሉ እዋን እዚ ፕሮፎርማ ምስ ተኽፈተ ን7' ተኽታተልቲ መዓልቲታት ዝፀንሕ ይኽውን "

5. እዚ ሰነድ ፕሮፎርማ ከም ውዕሊ ከይኑ የገልግል ፡

6. ኣብ ከይዲ ጨረታ/ፕሮፎርማ ንምዝባዕ ዝፍትኑ ተወዳደርቲ ካብ ጨረታ ወፃኢ ብምግባርን ንቐፃሊ ድማ ኣብ ዕደጋ መንግስቲ ንኽይሳተፉ ክሳብ ምእጋድ ዝበፅሕ ስጉምቲ ክወስድ ይኽእል እዩ ::

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

7. ተወዳደርቲ ዝበለፀ ሓበሬታ ንምርካብ ኣብ ስራሕ ሰዓት ናብ ቤት ፅሕፈትና ብኣካል ብምምፃእ ምሕታት

ይከኣል እዩ ።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle